# ጋዜጣዊ መግለጺ

25 ነ ሓሰ 2019

ንሕና፣ እዞም ቅድም ክብል ካብ ሰለስተ በበይኖም ውድባት - ማለት ካብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ EPDP፣ ካብ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንፍትሒ EMJ፣ ካብ መድረኽ ሃገራዊ ዘተ FND - ዝመጻእና ሰለስተ ኤርትራዊ ኣካላት ብማስሚሪ ጉባኤ ኣቢልና ሓደ ሰፊሕ ሰረት ዘሎዎ ሓደ ውድብ ክንምስርት ብምስምማዕ ኣቐዲምና ዚነበራ ውድባትና ብምሕቃቑ ሎሚ ከአ፣ ማለት ዕለት 23-25 ነ ሓሰ 2019፣ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት/ሃገረ-ጀርመን ከምውልቀ-ዜጋታት ተራኺብና ብምግባእ እንሆ ማስራቲ ጉባኤ ኣቃኒዕና።

ኣብዚ ምጥቃስ ዘድልዮ ታሪኻዊ ጉዳይ እንተልዩ ከአ፣ ናይተን ዚምልከተን ውድባት ናይ ምሕቃቑ ዚተወስደ ውሳኔ ኳይኑ፣ እዚ ናይ‘ቲ ኣብ ተደላይነት ምቛምሓደ ማጠነ ሰፊሕ ውደባ ንሓደ ምሉእ ዓመት ኣብ ውሽጠን ዚተኻደ ክትዓት ውጽኢት ኢዩ። ኣብዚ ተነ ቃፊ መድረኽ ካብ መድረኻት ቃልሲ ኤርትራ፣ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎእንኮ ማዲ ናይ ዓላማሓድነት ኣብ መንጎ ኩሎም ሓይልታት ደለይቲ ዲሞክራሲ ምዃኑን፣ ንሕና ከምኣባላተን ኣብዚ መትከል ዘሎና ጽኑዕ እምነትን ዘንጸባርቕ ከአ‘ዩ። ብናትና እምነት፣ ሓደ ውደባ ነብሱ ፖለቲካዊ ውድብ ይጸውዕ ማሕበረ-በርጌሳዊ ውድብ በዙሕ ፍልልይ ኣይንርእየሉን። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ እንርእዮ ዕላማዑዲዕነቱን ማፃገሲ ኣበቛቑላኡን ኳይኑ፣ እቲ ዚበሃል ዘሎ፣ እዚ ወይ እቲ ውድብ፣ ንኤርትራውያን ኣብ ውሽጢሃገር ይኹን ኣብ ዲያስፖራ ብምሉስጓስ ንጥቕሚምዕዋት ቃልሲ ኤርትራ ከውዕልን፣ ኩሉ ሓይሉ ኣብ ምውዳቕ ናይቲ ን28 ዓመታት መመላእታ ንኤርትራ ዘዕኑ ዘሎ ምልኪ ክቐንዕን ከሎ’ዩ፣ ብዝኾነ እምባኣር እቲ ውደባ፣ ሙታን ጽባሕ ኣብ ዑናታት ምልኪ ኣብ ኤርትራ ሓደ ብናጻን ፍትሓውን ሚረጻ ዚሰርሕ ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ክመጽእ፣ ሎሚእ ጃመከበርክት ክህልዎ’ዩ።

ኣብ ውሽጢ'ቶም ሰለስተ መዓልታት ናይ ጉባኤ፣ ተጋባእቲ ዚተፋላለዩ ሰነዳት፣ ከም ሰነድ ውሽጣዊ ሕግታት፣ ሰነድ ፖለቲካዊ ራእን ተልእኮን …ወዘተ ተኻቲዖም ብምጽዳቕ፣ ድሕሪ ምውዳቕ ምልኪ'ውን ኣብታ ሃገር ናብ ጥጡሕን ሰላማውን ምስግጋር ዚእንፍቱ ወረቓቕቲ ሓሊፎም ኣሎዉ። እዘም ሰነዳት ኣቐዲሙ ብሓደ ጉጅለ ናይ ክኢላታት ዚዳለዉ ኰይኖም፡ ድሕሪ ዓሚቝ ክት|ዓትን ናብቶም ሰነዳት ዚተገብሩ እርማትን ከኣ ማሰረት ናይ'ቲ ዚቖመ ሓዲሽ ውድብ - **ሓድነት ንደሞክራስያዊ ለውጢ(ሓ.ደ.ለ)** - ኰይኖም ከገልግሉ ጉባኤ ወሲኑ።

ከምኡ'ውን ተጋባእቲ ን**ሓ.ደ.ለ** ዘማእክል ሓደ 21 ኣባላትን 4 ተጠባበቕትን ዘለዎ ማእከላይ ባይቶ መሪጹ፣ ማእከላይ ባይቶ ከኣ ብማሰረት ውሽጣዊ ሕጊ ናይ **ሓ.ደ.ለ** ካብ ውሽጡ ኣፈ-ባይቶን 7 ኣብያተ-ጽሕፈት ፈጸምትን (ፈጻሚት ሽማግለ) ክመርጽ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ንሕና፣ ኣብ ሓድነት ደሞክራስያዊ ለውጢ(ሓ.ደ.ለ)፣ ንኵሎም ደለይቲ ደሞክረሲ ሓይልታት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዲያስፖራን እቲ እንኮ መንገዲ ኣብ ሓድነት ናይ ዕላማ ምርኻብ ምዃኑ፣ እሞ ከኣ ነዚታት ኵሉ ዘውሕስ ንነብስና ናብ ሓላፍነታት ክብ ኣቢልና ነቶም ንሃገር ዘዕንዉ ዘሎዉ ብድሆታት ገጢምና ምስ እንስዕር ምዃኑ ከነስተብህል ንጽውዕ። ሎሚ ናይ ስልጣን ቅድድም ዚካየደሉምን ናይ ፖለቲካ ኣጀንዳታት ተወዳድረሉን ግዜ ኣይኰነን። ዋላ'ኳ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዚካየድ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ውድድራት ንደሞክራሲ ብሓቂ ኣገዳሲ እንተኾነ፣ እዚ ድሕሪ ሃገር ናብ ጥጡሕን ሰላማውን ምስግጋር ምብጽሓ ጥራይ ፍጻሜ ከም ዚረክብ ክንፈልጥ ክህልወና ኢዩ። ብማጠን እዚ ብርሃን እዚ ከኣ፣ ንሕና፣ ኣብ ሓድነት ደሞክራስያዊ ለውጢ(ሓ.ደ.ለ) ምስ ኵልኻትኩም ደለይቲ ደሞክራሲ ሓይልታት ነዚታት ክዉን ንምግባር ብሓባር ክንሰርሕ ዘሎና ድልውነት ንገልጽ። ነዚ ብዘማዓዱ ከኣ፣ ነቲ ዚካየድ ዘሎ "ናይ **ይኣክል** ህዝባዊ ማዕበል" ዘሎና ምሉእ ድጋፍ እንዳገለጽና፣ ንኹሉ ኤርትራዊ ነቶም ኣበ ምዝራእ ፍልልያት ዚውዕሉ ኣዕነውቲ ፈተናታት ስዒሩ ናብ ሓድነት ብምብራኽ፣ ተቓውሞኡ ኣንጻር ምልኪ ኣብ ኤርትራ ከኻዕብት ንጽውዕ።

ካልእ'ውን ንሕና፣

- ንናይ ኤርትራ ሓይልታት ሰራዊት ምክልኻል፣ ንዘካይድዎ ሃገራዊ ተወፋይነትን ማስዋእትን ክብሪ ስለ ዘሎና፣ ሕጂ'ውን ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምውጋን ንዕላማታት ልዑላውነትን ህዝባውነትን ሃገር ደውክብሉ ንጽውዕ።
- ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ሓላፍነታቶም ብምስካም ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ሙታን ግዝኣተ ሕጊ ንኽምእዘዝ፣ ማሳላትን ክብርታትን ህዝቢ

ኤርትራ ክርዕም፣ ከምኡ ነቲ ጠንቂ ስደት መንእሰያትና ዚኾነ መውዳእታ ዘይብሉ ናይ ኣገልግሎት ዕስክርና ገደብ ክገብረሉ …ወዘተ ጸቕጢ ክገብርሉ ንጽውዕ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

**ሓድነት ንደሞክራስያዊ ለውጢ(ሓ.ደ.ለ)**
ፍራንክፎርት፣ 25 ነሓሰ 2019